Women's Health Tasmania

# ጠላዕ

## ጠላዕ ገንዘብ ብዕድል ንምርካብ ወይ ንምስኣን ገለ ሰባት ኣብ ፀወታ ገንዘቦም ዘጥፍኡሉ ተግባር እዩ፡፡

እዚ ብካርታ ጻውቲ ፣ ስፖርታዊ ጻውቲ ወይ ቅድድም ፈረስ ብናይ ገንዘብ ውርርድ ዝፍጸም እዩ፡፡ እዚ ኣብ ቤት መስተ ገንዘብ ናብ ቁማር መሽን ገንዘብ ብምእታው ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

ጠላዕ ኣብ ኤርትራ ዘይሕጋዊ ኢዩ፤ ኣብዚ ኣብ ኣውስትራሊያ ግን ሕጋዊ እዩ፡፡

ጠላዕ ኣብ ሆቴል ወይ ኣብ ሹቃት ብውርርድ ወይ ብስልኪ ወይ በኮምፒዩተር ክፍጸም ዝኽእል እዩ፡፡ ጠላዕ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጥራሕ ዘይኮነስ ብደቂ ኣንስትዮ'ውን ዝፍጸም ተግባር እዩ፡፡

እዚ ብፀወታ መልክዕ ክጅመር ይኽእል፡፡ መዘናግዒ ፀወታ ክመስል'ውን ይኽእል፡፡ ኮይኑ ግን ገንዘብ ተጥፍአ እንተኾይነካን ብዙሕ ጊዜ ትጣላዕን ብዛዕባ ጠላዕ ብዙሕ ትሓስብ እንተኾይንካ ቀልጢፉ ናብ ዓብዪ ፀገም ከእትወካ ይኽእል ኢዩ። ጠላእ ሰባት ውሉፋት ንኽኾኑ ተጎአሩ ዝተዳለወ እዩ፡፡ ስለዚ ብቐፃልነት ገንዘብ ክተውፅእ ኢዩ ዝገብረካ፡፡ ኣብ ጠላዕ ብሕታዊ ሰዓርቲ እተን ናይ ጠላዕ ትካላት እየን፡፡

ሰባት ኩሉ ሻዕ ብዛዕባ ዝበልዑዎ ጠላዕ ይዛረቡ፡፡ **ኾይኑ ግን ዋላ ሓደ ሰብ ኣብ ጠላዕ ዝበልዕ የለን፡፡** ንሳቶም ብዛዕባ እቲ ኩሉ ዘጥፍእዎን ዝኸሰርዎን ገንዘብ ብፍጹም ኣይዛረቡን፡፡ መብዛሕትኡ ጊዜ እቲ ዘጥፍኡዎ ካብቲ ዝበልዕዎ ንላዕሊ ዝበዝሐ እዩ፡፡ ገለ ገለ ሰባት ብዙሕ እንትጣልዑ ብ ኡኡ መጠን ናይ ምጥላዕ ወልፎም እናወሰኸ ይኸይድ። ሰብ ጠላዕ ክጻወት ከሎ ኩሉ ነገር ኣብ ትሕቲ ቁፅፅሩ ከምዝኾነ ይሓስብ ፤ ናይ ምስዓር ዕድል ከምዘለዎ ድማ ይሓስብ፡፡ ደሓር ግን ሰባት ብዙሕ ምስተበልዑ ሕማቕ ይስመዖም፡፡ብዙሕ ይጭነቑ ዕብዪ ጌጋ ከምዝፈጸሙውን ይስምዖም። ንስድራቤቶምን ኣብ ቀረባ ኣይርከቡሎምን። ገንዘብ'ውን ክሰርቁ ይእኽሉ፡፡ ስድራቤቶም ኣዝዩ ይጉዳእ ፥ ነቲ ዝዝጣላዕ ሰብውን ኣዝዮም ይኹንንዎ።

ዝኾነ ነገር ምንም ክሕግዝ ኣይክእልን ኢልኩም ትሓስቡ ትኾኑ፤ እዚ ኩሉ ናይቲ ጠላዕ ዝጣላዕ ጌጋ እዩ ኢልኩም ትሓስቡ ትኾኑ፤ ኣበኣቶም ዝኾነ ስሕተት ከምዘሎ ገይርኩም ትሓስቡ፡፡ ኣብ ወልፊ ንዘሎ ዋላ ሓደ ክሕገዝ አይኽእልን ኢልኩም ትሓስቡ ትኾኑ፡፡ ኮይኑ ግን ንስኻትኩም ክትሕግዙ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ጠላዕ ንባዕሎምን ንኻልኦት ሰባትን ይጎድእ ምህላዉ ንኽርዱኡ ክትሕግዙዎም ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ንንዓዓቶም ክሰርሕ ኣብ ዝኽእል ነገር ክትሕግዝዎም ከምትደልዩ ክፈልጡ ግበርዎም፡፡

**ወልፊ ጠላዕ ክመጾ ከሎ እቲ ሰብ ሓደ ነገር ክሰርሕን ክዘናጋዕን ክትሕግዝዞ ትኽእል ኢኻ፡፡** ምስ መሓዙቱ ከዕልል፣ ፍሉይ ምግቢ ከዳሉ፣ ኣብ ሻወር ብዙሕ ንኽጸንሕ ወይ ናይ እግሪ ጉዕዞ ንኽገብር ምግባር ረብሓ ዘለዎ ኮይኑ ክረኽቦ ይኽእል ኢዩ። ጥረ ቕርሺ ወይ ናይ ባንኪ ካርዱ ኣብ ቀረባ ክረኽቦ ከምዘይኽል ብምግባር ክትሕግዞ ትኽእል ኢኻ፡፡

እቲ ሰብ ኣብ ክጅምር ከሎ፣ ቅድሚ በቲ ፀዋታ ምትብባዑን ከቢድ ኪሳራ ምብፃሑን ሙያዊ ሓገዝ ክረክብ እንተኺኢሉ እውን ሓጋዚ እዩ፡፡ ባዕልኻ ወይ ኣባላት ስድራ ቤትካ ኣብ ጠላዕ እንትፅመዱ ኣንግሊኬር ታስማንያ /Anglicare Tasmania/ ክሕግዙኹምም ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣንግሊኬር ታስማንያ /Anglicare Tasmania/ ጠላዕ ኣብ ሂወትካ ዘለዎ ፅልዋን እቲ እናዓበየ ዝርከብ ወልፊ ጠላዕ ኣብ ምቁፅፃር ክሰርሑን ክሕግዙ ዝኽእሉን ክእለት ዘለዎም መማኸርቲ ኣለውዎ፡፡ ንተወሳኺ መብርሂ ናብ 1800243232 ደዊልካ ሕተት፡፡

ንነፃ ምኽሪ ቐፀራ ንምሓዝ ብ 1800675028 **ናብ ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ ታስማንያ /Women's Health Tasmania/** ብምድዋል ምሕታት ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ ታስማንያ /Women's Health Tasmania/ ኣስተርጓሚ ብምድላው ስምዒትካ ክትርዳእ ክሕግዙኻ ይኽእሉ ኢዮም፡፡

25 Lefroy Street, North Hobart PO Box 248, North Hobart, Tasmania 7002
P: **6231 3212** F: **6236 9449** Information Line: **1800 675 028**
info@womenshealthtas.org.au www.womenshealthtas.org.au ABN 49 915 520 678